# ኤርትራውያን ኢና

ሓሸሐት ህዝብና ብኽፍኣት ዘባረረ
ዓበይትን ሕጻናትን ዘጋፍዕ ዝነበረ
ንብረቶም ጥሪቶም ወሪሱ ዝሃገረ
ሕማቕ ታሪኽ ክገብር ዝተፈጥረ
ይፍለጦ ሕጂ ጣዕሚ ናይቲ ዔረ

እቶም ብኤርትራዊ ዓይንና ዝጸልኡና
ብሕልሞም ዓበይቲ ክኾኑ ኣብካባቢና
ተመኪሖም ጨዲሮም ውሑዳት ብምኻና
ንፍጥረትና ኣጥፊኦም ክብሕቱ ንሃገርና
ክንደይ ፈኪሮም ተጃሂሮም ኣብዓለምና

ንሕና ግን ኣይፈራሕና እኳድኣ ገሪሙና
የማን ጸጋም ሸምሺምናዮም ዓወት ተኸዲና
ንድሕሪ ሕጂ ይፍለጥዎ ሓቂዩ ዕጥቅና

ብስም ዲምክራሲ ብሸቐጥ ክትነብር
ንስራሕ ንዒቓ ለሚና ክትሐድትር
ብሓሶት ኣታሊላ ንንገር ክትስሕጥር
ንፍርዲ ነጺጋ ኣብ መሬትና ክትሰፍር
ከምዘይንቕበሎ ሕሉፍ ታሪኽናዩ ምስክር

ወያኔ ብበዓል መለስ ትምራሕ ከርፋሕ
ዘይከውን ክሓልሙ ክፍኣት ጥራሕ
ሓቂ ተቐልቂላ ሕጂ ኣበይ ትብጻሕ

ክትኣስር ክትቀትል ዓይቢ ይኹን ቆልዓ
ዘይከውን ክትዛረብ ንጎይትኣ ጸዊዓ
ተወዲኡ ኡኡ ይበላ ይብከያ ሓገዝትኣ

እቲ ዘገርም በዓል ዓናኖ ባንኪ ክጓየዩ
ንስልጣኑ ከድሕኑ ንዓመታት ክዝትዩ
ንግሆ ምሸት ብሓባር ኣብ ጸሎት ከምስዩ
ይፍለጥዎ ሕጂ እቲ ሓቂ ዘይቅየር ሓቂዩ
ሓገዝታ ደም ይንብዑ ኤይ ኤይ ይብከዩ
ጉዳይ ወያኔ ተወዲኡ ኣንሚ ተዓጽዩ
ንባድመና ምግባት ሞት ጥራሕዩ ትርፉ

ወያኔ ክትበኪ ሓዚሎም ክብልዋ እሸሩሩ
ቀቢጸ ተስፋ ዘተ ኣብ ባሉን ክጅምሩ
ዘይፈተንዎ ኣይነበረን ዘይከውን ክገብሩ
ዘይሚዛን ስርሖም ተበቲኹ ተወዲኡ ሓሪሩ
ተግባር ያማሙቶ ኣንሚ ወዲቑ ተሰይሩ

ኤርትራውያን ኢና ኣጸቢቖም ይፍለጡና
ዔረ እንዳጠዓሞም ይጸውዕዎ ንስምና
ብድሙቕ ሕብሪ ጽሒፎም የንቡቡና
ደቂ ጽንዓት ሰብኒሕ ዘይንሰዓር ምኻና
ሓደልቢ ሓደደምዩ መትከል ሓድነትና
ንሕና ንዕምር ንበዝሕ ንስስን ሓቂ ሒዝና
እምነት ራእይ ጽንዓት ቃልሲዩ ስጉምትና
ኣፍሪቃውያን የንብብዎ ነቲ መጽሐፍ ጉዕዞና
ደቂ ሓሶት ክጠፍኡ ንኹሉግዜ ካብከባቢና
ሰላም ራህዋ ፍቕሪ ከስተንፍስ ሓባራዊ ህዝብና

ዓወት ንሓፋሽ
ብርሃነ ገብረመስቀል
06.08.2008